# ዑደት ዶር በየነ ኪዳነ
# ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ
# ኣብ ሽወደን

ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ ዶር/በየነ ኪዳነ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሽወደን ዘካየዶ ዑደት፣ ኣብ ህዝባዊ ኣካይዱ። ብተወሳኺ ኣብ ፈነወ ቲቪ ኣዳል ቀሪቡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሽወደን መግለጺ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ጨንፈር ሽወደን ዘዳለዎ ህዝባዊ ኤባ ንመሓዙት ውድባት ኤ.ዲ.ኪ ዝገበሮ ዕድመ ምስ ኣኽብሮቱ ኣብ ቦትኡ እንዳህለወ፣ በቲ ንውድብና ዝተላእከ ዕ ድመ መሰረት ድማ ከም ኩሎም ኣባላት ውድባትን ውልቀ ሰባትን ኣብ'ቲ ቦታ ብምኽንያት ስራሕ ክሳተፍ ዘይምኻኣለይ እቅረታ እሓትት።

ካብ'ዚ ቀጺለ ግን እቲ ዘይተጸበኽዎ መግለጺ ኣብ መደብ ቲቪ ኣዳል ዝተኻየደ ቃል መሕተት ዶር/ በየነ ኪዳነ ርእይቶን ዕቃበታተይን ብሕጽር ዝበለ ክስፍር እደሊ። ምስ'ዚ ኣተሓሒዘ ክብሎ ዝደሊ ገገለ ንኣሽቱ ሓሳባት እንተረሲዐን፣ ወይ ጌጋ እንተሃለወ ብኣዳለውቲ ቲቪ ኣዳል ክእረመለይ ብትሕትና እሓትት።

ቃል መሕተት ቲቪ ኣዳል 27 ሕዳር 2005
ዶር/ በየነ ኪዳነ

ኣብ መእተዊ ቃል መሕተት፣ ኣባል ቦርድ ቲቪ ኣዳል ብዛዕባ ሕሉፍ ኩነታት፣ ምፍንጫል ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ መብርሂ ከወሃብ ከም ከም ዝነበረ ተሓቲቱ። እቲ ሕቶ ከም ሕቶ በቲ ኣቀራርባ፣ ዕቱብን፣ ርዱእን ዝተሰርዐ'ኳ እንተነበረ፣ እተን ዝሰዓባ ቃላት ካብ ኣፍ ዶር/ በየነ ኪዳነ ክሳብ ዝወጻ፣ ፈጺሙ ኣብኡ ገጹ ከድህብ'ዩ ዝብል ሓሳብ ኣይነበረንን። እንተኾነ ግን እቲ ናይ ሓደ ሰዓት መደብ ዳርጋ ብሙሉኡ መደብ ፈነወ ቲቪ ኣዳል ኣብ'ቲ ምፍንጫል ዝነበረ ኩነታት ዘድሃበ ኮነ።
ከምስል ድማ፣ እቲ እዋኑ'ኳ ሓሊፉ እዩ። እንተኾነ ግድነት ክምለስ ካብ በልኩም ግን ቢሉ ጀመረ። ግድነት ክትምልስ ኣሎካ ዝበሎ ሰብ ኣይነበረን፣ ክዛረበሉ ንስለ ዝደለየ ከኣ ዳሕዲሕዎ።

ኣብ'ዚ ቃል መሕተት ድማ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን፣ እቲ ውድብን በዚ ዝስዕብ ቃል ክግለጾ ኣይተጠራጠረን፣

ካብ'ቶም ዘስደምሙ ቃላት

1. ናይ ስልጣን ድሌት ዘለዎም
2. ርእይቶኦም ጥራሕ ዘገድሶም ባእታት
3. ውድብ ኣብ ውሽጢ ውድብ ፈጢሮም

ዶር/በየነ እቲ መፈንጨሊኦም ዝነበረ ኩነታት፣ ክገልጽ እንከሎ ብውሑዱ ነዚ ኣብ ላዕ ሊ ተጠቂሱ ዘሎ ነጥብታት ኣልዒሉ። ቀጺሉ....

እቲ ግርጭትታት ካብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶ ከም ዝጀመረ ተኣሚኑ፣ ማለት ነባር ግርጭት ከም ዘይነበረ ገሊጹ። እቲ ጠንቂ ዝኾነ ጉዳይ ድማ ኣብ መበል ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ምሕዝነት ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ግጉይ ምንባሩ'ዩ ይብል።

ነዚ ግጉይነት ክሕብር እንብከሎ

1. ኣነ ሓደ ኣባል መሪሕነት፣ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባ ሃገራዊ ምሕዝነት ንኽንስሕብ ዝቀረበ ሓሳብ ዝወሰንኩን ዝተሰማማዕኹሉን እየ።

2. እቲ ጉዳይ መስሓቢና ክረኣ እንከሎ ድማ ቅኑዕ እዩ።

3. ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ክመርሕ ዘይፍትሓዊ'ዩ ነቢሩ።

4. ግን ከኣ ብዙሓት ውድባት ንስለ ዝመረጽኦ ነቲ ጉዳይ ክንውሕጦ ነይሩና፣

5. ኣምባሳድር ኣድሓኖም'ውን ኣብ ካርቱም ስም ተራኺብና፣ እዚኣስ ክትውሕጥዋ ነቢርኩም ኢሉኒ'ዩ። ሓቂ ድማ ነይሩ፣ ነዚኣ ጉዳይ ውሒጥና ክንሓልፍ ነቢሩና በለ።

6. እቲ ናይ ወጻኢ ኢድ ኣለዎ ዝብል፣ ዘይተመለሰ መግለጺ'ውን ሓደ ካብ'ቲ ጉዳይ'ዩ።

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ነቲ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ብግቡእ ንስለ ዘይሰርሓሉ፣ ካብ መሰረታትን መሪሕነት ህጹጽ ጉባኤ ክግበር፣ ክሳብ ጉባኤ ድማ ብግዚያዊት መሪሕነት ክንጸንሕ ዝብል ሓሳብ'ውን ቀርቢ እንተነብረ በቲ ጉጅለ ተነጺጉ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሕቶ መሰረታት ክምለስ ስለ ዝነበሮ ነቲ ናይ ምፍጫል ስጉምቲ ወሲድና።

እዚ ድማ ዘየጣዕስ ታሪኻዊ ስጉምቲ እዩ። መሰረታት ሕትኡ ተመሊስሉ፣ ጉባኤ ገቢሩ ንውድቡ ዕላውነት ኣልቢሱ፣ ንሳቶም ግን ዕላውነት የብሎምን።

ካልእ ዝቀረበ ሕቶ፣ ጉዳይ ኣቦ መንበር ዝነበረ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ኣብ ሻድሻይ ጉባኤ ኣይተመርጸን እዚ እንታይ ትብሎ ?

ጉዳይ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፣ ውድባዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ'ዩ ወሲዱ፣ ጉባኤ ኣይመረጾን። ንነውሕ ዓመታት ኣብ መሪሕነት ብጽንሑ ከተሓሳስብ'ኳ እንተኽኣለ፣ ፖለቲካዊ ውሳኔ እዩ። ቅቡል እዩ። ብተወሳኺ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ከም ኣቦ መንበር ኮይኑ ኣብ ዝጸንሓሉ ብዙሕ ጌጋታት ዝፈጸመ፣ ባዕሉ ኣብ ጉባኤ ዝተኣመነሉ እዩ በለ።

ብህሉው ኩነታት፣ ኣብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ዝምድናታት'ውን ተሓቲቱ፣ ክምልስ እንከሎ፣ እወ እቲ ብቀረባ ንፈልጦ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ እዩ። ምስ ኩሎም ብሓባር ንብዙሕ ዓመታት ሰሪሕና፣ ሕጂ ድማ ኣብ እቲ ኪዳን ተራኺብና ሰላማዊ ዝኾነ ቃልሲ ነካይድ ኣሎና በለ።

ካልእ ውድብና ካብ'ቲ ቅድም ዝምርሓሉ ዝነበረ ሓደሽቲ ኣገባብ ኣተኣታትዩ፣ ብዙሕ ምቕይያራት ገቢሩ ይሰርሕ ኣሎ።

ርእይቶይ

ዶር/ በየነ ኪዳነ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ነቲ ጉዳይ፣ በቲ ዘለዎ ሓልፍነት ደረጃ፣ ብዕምቆት ክምልሶ'ዩ ዝብል እምንቶ ኣይነበረንን። እዚ ድማ ካብ ፍርሒ ዘይኮነ፣ ነቲ ዝኸይድ ዘሎ ዝምድናታት ከይጉዳእ ካብ ዝብል ሓሳብ'ምበር ካልእ ኣይነበረን።

ዶር/ በየነ ቅድሚ ሕጂ ምስ ዶር/ የሱፍ ብርሃን ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2004 ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዑደት ኣብ ዝገበርሉ፣ ኣብ ድምጺ ዲያስፖራ ቃል መጠይቕ ገቢሩ፣ መልሲ ከም ዝሃብኩ'ውን ይዝከረኒ፣ እቲ ሕቶ ግን ነቲ ሓቅታት ወይ ዶር/ ዝነበሮ ተርድኦ ገሊጹ እንተዝሓልፍ ምሓሸ።

እንተኾነ ግን እቲ ኩሉ ዝብሎ ዝነበረ ጸለመ፣ ከም'ዚ ሕጂ መውጽኢ ዘይብሉ ምዃኑ ምስ ፈለጠን፣ ኩሉ ህዝቢ ዝሰምዖ ምዃኑ ንስለ ዝፈለጠ

ባዕሉ ከም ዝወሰነ
ዘይፍትሓዊ ከም ዝነበረ
ክወሓጥ ዝነበሮ ጉዳይ

ብዝርዝር ኣቕሪቡ። እቲ ብድሕሪኡ ዝቀረበ ጸለመ እንታይ ኣድለየ። ኣብ ዑደት ኣሜርካ ዝጠቐሶ ሕጂ'ውን ይደጋግሞ ኣሎ።

ንልዕሊ 30 ዓመት ህርፋን ስልጣን ከም ዘለዎም ዝፈለጠ፣

ውድብ ኣብ ውሽጢ ውድብ ከም ዝተመስረተ ዝፈለጠ፣

ርእይትኦም ጥራሕ ቅቡል ክኸውን ዝሰርሑ ተጋደልቲ ምዃኖም ዝፈለጠ፣

ካብ ድሕሪ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ምዃኑ ምግላጹ፣ እሞ ከኣ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ፣ ባዕሉ ኣብ'ቲ መስርሕ ቃልሲ ኣይነበርኩን ይብል ምህላዉ፣ ብቃሉን ብኣፉን ተረቲዑ።

እቲ ንካልኦት ዝበሎ ጸለመ ድማ ንባዕሉ፣ ተመሊሱ ዘጽልምን ዘናሽውን መራሒ ምዃኑ ኣግሂድዎ።

ካልእ ኣብ ዝሓለፈ እዋን፣ ነዚ ከም'ዚ ዝኣመሰል ጉዳያት ኣልዒለ ዓገብ ክብል ርእይቶይ ኣብ ዝጸሓፍክሉ፣ ገገለ ወገን ተ.ሓ.ኤ ሃገራዊ ጉባኤ ሓድነት ዝጻባእ ሓሳብ፣ ሓሶት ሓሳባትን ርእይቶንም ምዃኑ ክሳብ ትማሊ ዘይወጸሎም እዮም።

ሕጂ ኸ ደኣ መሪሕነት ውድብ ዝኸነ ኣቦ መንበር ውድብ፣ ከም'ዚ ቢሉ ኣብ መደብ ቲቪ ኣዳል ክዛረብ ምስ ተገብኦ ዶ ?

ይተርፍ ንዘይፍትሓዊ ፍትሓዊ ምግባር፣ ነቲ ብጻልጥኡ ፍትሓዊ ዝኸነ ጉዳያት ምቅባል ዝተሓረሞ ቃልሲ ንሕና ድምር ዶር/ በየነ ካብ ዝሕተተሉ ጉዳይ ምዃኑ ምፍላጡ ግቡእ እዩ።

ዶር/ በየነ ኩሉ ግዜ ዝዝንግዖ፣ ዝሰምዖ ዘሎ ሰብ ከም ዘሎ ዘይምፍላጡ'ዩ። ዶር በየነ ብቃሉ ካብ ዝሃቦ ፍትሓዊ ገዲፉ፣ ብዘይፍትሓዊ ውሳኔ ከም ዝኸደ፣ ውሳኔ ተሰማሚዑን ኣጽዲቑን፣ ንውሳኔታቱ ከም ዝጠለመ፣ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ረሲዑ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ርእይቶ መለኽቲ ዝተሓባበረ፣ ውድብ ኣብ ውሽጢ ውድብ ክምስረት ዘይፈለጠ፣ መራሒ እዩ።

እዚ ሕቶታት'ዚ ተመርሚሩ ብሓደ ነጻ ኮሚሽን እንተዝርአ፣ ዶር በየነ ድርብ ሕቶታት ምስ ቀረበሉ። ምኽንያቱ ኣብ ኣብ ሓደ ግዜ ምስ ክልተ ውሳኔታት ንስለ ዝተዋሰአ።

መደምደምታ

ዶር/ በየነ ሕጂ ድማ ገና ምስ ናይ ርእይቶ መለኽቲ ኣብ ኪዳን ብሰላም ክዋሳእ ከም ዝጀመረ ሓቢሩ።

ከም ተመክሮይ ድሕሪ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መንጎኣም ዝተባርዐ ኵናት ኣይነበረን፥ኣይፈልጥን፥ ኣይሰማዕኩን'ውን። ሽዑ'ውን እንተኾነ ምስ'ቲ ኩሉ ዘይምስምማዕ ሰላምዊ ቃልሲ'ዩ ዝብል ተረድኦ'ዩ ዘሎኒ። ትርጉም ሰላምዊ ቃልሲ ብኣባሃህላ ዶር/ በየነ ክርደኣኒ ኣይከኣለን።

ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ መሰረቱ ዕላዊ ውድብ'ዩ። ኣብ ሓሙሻይ ሃገራዊ ጉባኤ ዕላውነት ዝተቐበለ መሪሕነት ውድብ ክሳብ መጻኢ ጉባኤ ዕላዊ መሪሕነት'ዩ። ተ.ሓ.ኤ ሃ.ጉ ንስለ ዝተፈንጨለ ዕላውነት ናይ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ፥ ሃ.ጉ ምስኡ ክውስዶ ነገራዊ ትሕዝቶ ኣይኮነን። ግን ቁጠባ ኣይነበሮን፥ ደኺዩ ነቢሩ ክበሃል ይከኣል ይኸውን።

ብዝተረፈ እቲ ትሕዝቶ ቃል መሕተት ምስ ርእይቶይን መደምደምታን ኣብ'ዚ ክድምድሞ እፈቱ፥

ሰላም ንኩሉ

30 ሕዳር 2005
ኣንቶንዮ ተስፋይ